# ቛንቛ፥ ተበግሶ ዕጡቕ መንእሰይ ዘርዓዶም፥ ከደምቲ ስርዓት ህግድፍ።

ቅድሚ ክልተ ማዓልቲ፡ ሓደ ዓርከይ፡ ኣነ ኣብቲ ብመንእሰያት ኤርትራ ዝተዳለወ፡ ብዕለት 25. 03. 2011 ዓ.ም.ፈ.፡ ኣብ ጀነቫ (Geneva)፡ ኣብ ቅድሚ ቤት-ጽሕፈት ናይ UN ዝተኻየደ ሰለማዊ ሰልፊ፡ ተኻፊለ ከምዝነበርኩ ዝፈልጠ፡ ኣብ ስልኪ ደዊሉ፡ እንታይ ዳኣ ኢና ንሰምዕን ነንብብን ዘለና …? ኢሉ ሓቲቱኒ። ኣነ ኻኣ ትቅብል ኣቢለ፡ ከም ዓይኒ ምስክር መጠን፡ ዕዉት ሰለማዊ ሰልፊ ምንባሩ፡ ሓጎሰይ ገሊጸሉ። ዝነበረ ተኻፋልነት ኤርትራዊ፡ ብፍላይ ካኣ ዕስለ ዝኾነ መንእሰይ ኣብዚ ሰለማዊ ሰልፊ'ዚ ምንባሩ፡ „***ምራል ሕልናን ዘታባብዕ፣ ሽውሃት ቃልሲ ኣንጻር ስርዓት ህግድፍ ዝኸፍት፣ ተስፋ ዝህብ ዘሐብንን ምንቅስቓስ መንእሰይ ኤርትራ ከም ዘሎ፣ ኣለዉና ኣለዋና፣ ክትብል ዘድፍረካ***"፡ ሰለማዊ ሰልፊ ከምዝነበረ ሓቢረዮ። ንሱ ኻኣ፡ ኣነ ዝሰምዖን ዝንብቦን ዘለኹ ግን፡ ዘሕጉስ ዜና ኣይኮነን፡ ኢሉኒ። እንታይ ኢኻ ሰሚዕካ፡ እንታይ'ከ ኣንቢብካ …? ኢለ ምስ ሓተትክዎ፡ ንሱ ኻኣ፡ ኣብ መስከረም ዳት ነት፡ ወጺኡ ዘሎ፡ ብዛዕባ'ዚ፡ ብዕለት 25.03.2011፡ ኣብ ጀኒቫ ዝተኻየደ ሰለማዊ ሰልፊ፡ ዝገልጽ ጽሑፍ ኣንብቦ ኢሉኒ። ኣነ ኻኣ፡ ኣብ መንጎ መስከረም ዳት ነትን፡ ሻቢዓት ዶት ኮምን ፍልልይ ስለዘየሎ፡ ካብዘን ክልተ፡ መሳርሒ ጨፍላቂ ስርዓት ህግድፍ፡ ጽቡቕ ዘረባ ብዛዕባ ተቃውሞ ደንበ ኣይትጸበ በልክዎ። ንሱ ኻኣ፡ ካብዚ ናተይ ዝተፈለየ ኣረዳድኣ ከምዘይብሉ፡ ሓቢሩኒ ከብቅዕ፡ ግን ኣብ መስከረም ዳት ነት ኣትየ፡ ወጺኡ ዘሎ፡ ኣንጻር እዚ ሰለማዊ ሰልፊ'ዚ ዝገልጽ ጽሑፍ፡ ከንብቦ ተወከሰኒ።

ድሕሪ'ዚ ኣነ፡ ምንም እኳ ንመስከረም ዳት ነት፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዘ፡ ከም ከዳሚት መእከቢ ጓሓፍ ሓሶት ህግድፍ፡ ገይረ ዝወስዳ ዝነበርኩን ዘለኹን Web-Site ትኹን እምበር፡ ብቀዳማይ ሽነኽ ዘረባ ዓርከይ ገሪሙኒ፡ በቲ ካላኣይ ሽነኽ ካኣ፡ ካብ ብበላበለዎ፡ ካብ ሓቂ ተበጊስካ ምዝራብ ያሓሽ፡ ካብ ዝብል ዕግበት ተበጊሰ፡ ኣብ መስከረም ዳት ነት ኣትየ፡ እታ ጽሕፍቲ ኣንቢበያ። ንሳ ኻኣ፡ „*ኣብ ጀኒቫ ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ደገፍቲ ወያነ ባንደራ ኢትዮጵያ ሒዞም ስለ ዝተሰለፉ፡ ብዙሕ ምዕዝምዛምን ካብ ሰልፊ ምልጋስን ተራእዩ። ሓሶት። ባንደራ ኢትዮጵያ ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ኪዳን ኣብ ጀነቫ ኣየንበልበለትን፡ ዝብል እንተኣሊዩ፡ ሓሰውቲ ይበለና። መልሓስና ክንሓይኽ። ዘበኑ ዘበን ተጨባበጥ እዩ።*" ትብል እያ ነይራ።

ኣነ ነዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ምስ ኣንበብኩ፡ ኣብቲ ሰለማዊ ሰልፊ'ቲ ምስ 5.ተ ርእሰይ ብኣካል ተኻፊለ ስለዝኾንኩ፡ መስከረም ዳት ነት እዚ ምጽሓፋ፡ ነቲ፡ „እዛ Web-Site እዚኣ መእከቢ ጓሓፍ ሓሶት ህግድፍ እያ"፡ ዝብል ዕግበት ዝነበረኒ ሓቅነቱ ኣረጋጊጻትለይ። እዚ ኮይኑ እቲ ግን፡ እዛ Web-Site እዚኣ፡ ብሓቂ መእከብ ጓሓፍ ሓሶት ህግድፍ ምዃና ክተረጋግጽ፡ ክቡር ኣንባቢ፡ እስከ እዛ፡ „*(…) ሓሶት። ባንደራ ኢትዮጵያ ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ኪዳን ኣብ ጀነቫ ኣየንበልበለትን፡ ዝብል እንተኣሊዩ፡ ሓሰውቲ ይበለና። (…)። ዘበኑ ዘበን ተጨባበጥ እዩ።*"፡ እትብል ዘረባ መስከረም ዳት ነት ደጋጊምካ ኣንብባ።

መስከረም ዳት ነት፡ „ባንደራ ኢትዮጵያ ኣብ ሰለማዊ ሰልፊ ኣየንበለበትን፡ ዝብል እንተኣሊዩ፡ ሓሰውቲ ይበለና። ዘበኑ ዘበን ተጨባበጥ እዩ።“ ምባላ፡ እቲ ዝተዋሃባ ሓቤረታ ሓቅነት ኣለዎ፡ ዝብል ዕግበት ከምዘለዋ እዩ ዝሕብር። እምባኣርከስ፡ መስከረም ዳት ነት ኣብዚ፡ ነቲ ነዚ ሰለማዊ ሰልፊ'ዚ ዝተኻፈለ ኤርትራዊ፡ ሓሶት እዩ፡ ትብል እንተኾይንካ፡ ጭብጢ ኣቅርብ፡ ክትብል እንከላ፡ ስለምንታይ'ከ ንሳ፡ ሓቀኛ ሓቤረታ ትህብ ከም ዘላ ክተረጋግጽ ምእንቲ፡ ብቀዳምነት ነቲ ንዓኣ ዝሓበራ ሰብ፡ ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ጀነቫ ባንደራ ኢትዮጵያ ተንበልብል ከምዝነበረት ዘርኢ፡ ሓቂ ዝምስክር ስእሊ ከቅርብ ዘይሓተተቶ …? እምባኣር ከስ፡ ኣብዚ ንሕና እንታይ ክንዕዘብ ንኽእል፡ መስከረም ዳት ነት፡ ኣብዚ ሰለማዊ ሰልፊ'ዚ ባንደራ ኢትዮጵያ ተንበልብል ከምዝነበረት፡ ከም ሓባሪት መጠን፡ ንዝሓበራ ሰብ፡ ሓቂ ዝምስክር ስእሊ ከቅርብ ዘይሓተተት፡ ነቲ ባንደራ ኢትዮጵያ ኣይነበረትን ዝብል ሰብ እንተሃሊዩ፡ ጭብጢ ከቅርብ ምሕታታ፡ ብሓቂ ነዚ ብዓወት ዝተዛዘመ ሰለማዊ ሰልፊ ከተጸልም ከም ዝመረጸት ጥራይ እዩ ዝሕብር። ብተወሳኺ'ውን፡ ከም ከሳሲ መጠን ሓቀኛ ስእሊ ከተቅርብ ዘይካኣልካ'ዶ፡ ንተኸሳሲ ከምዘይዋዓሎ ዝምስክር ሓቀኛ ስእሊ ከቅርብ ይሕተት እዩ …? ዋላስ መስከረም ዳት ነት፡ ጎይታኣ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈውርቂ ንምሕጓስ፡ ካብ ኣሳራርሓ ህግድፍ ዝወረሰቶ፡ ብሓሶት ከሲስካ ደቂ ሃገር ሰብ ምጥቃዕ ምፍታን፣ ከም ቀንዲ ውራይ ገይራ ሰለዝወሰደቶ እያ …?

ብሓቂ ዝገርም ካኣ፡ መስከረም ዳት ነት፡ „ዘበኑ ዘበን ተጨባበጥ እዩ።“ ዝብል ኣስተምህሮ ክትህብ ምፍታና እዩ። እስከ ኣብዚ'ውን ንርኣዮ። ንባዕልካ ከም ከሳሲ መጠን፡ ጭብጢ ከየቅረብካ ዶ፡ ንተኻሳሲ ጭብጢ ከቅርብ ይሕተት እዩ …? ናዓይ ከምዝረዳኣኒ፡ ከሳሲ ሓቅነት ከምዘለዎ ከረጋግጽ ዝኽእል፡ ሓቅነት ዘለዎ መርትየ ሒዙ ምስ ዘቅርብ እዩ፡ ተኸሳሲ ካኣ፡ ነዚ ብኸሳሲ ዝቀርብ ዘሎ ሓቅታት ከም መሰረት ተጠቂሙ፡ ዘ'ክስሶ ዘሎ ምኽንያታት ዘይዋዕሎ እንተ ኾይኑ፡ ከምዘይዋዓሎ ዝምስክር ሓቅታት ሒዙ ክቀርብ ዝሕተት። ኮይኑ ግን፡ ሓደ ሰብ፡ ንሓጢኣት ካም ጽድቂ፣ ንሓሶት ከም ሓቂ፣ ንወንጀል ከም ፍትሒ፣ ገይሩ ዝወስድ፡ ካም ባዓል መስከረም ዳት ነት፡ ኣይገርምን እዩ፡ ኣብ ክንዲ ብቀዳምነት ንኸሳሲ፡ ንተኸሳሲ ጭብጢ ከቅርብ ክሓትት። እዚ ኻኣ፡ ንሓሶት ከም ሓቂ ገርካ ምቅራብ ዝምስክር፡ ኣስራርሓ ከድምቲ ጨቛኒ ስርዓት ህግድፍ ም'ዃኑ ጥራይ እዩ ዝሕብር። ኣብ ዝሓለፈ ተሞክሮ ከም ዝተማሃርናዮ፡ ብደቂ ሃገር፡ ንስርዓት ውልቀ-መላኺ ንሓሳብን ንሓውርን ካብ ስሩ ክማሓው፣ መሰረታዊ ላውጢ ኣብ ኤርትራ ክረጋገጽ፣ ፍልልያትና ኣለሊና፡ ባሕባር ከቃልሰና ዝኽእል ትልምታት ንምስኣል፡ ክንዛተ፣ ዋዕላ ንግበር፡ ምስ ተባሃለ፡ ስርዓት ውልቀ-መላኺን፡ ከደምቱ፡ ዝሕዝዎን ዝገብርዎን ተፌኡዎም፡ ካብ ሽቀልቀል ዝተላዓለ፡ ኣንጻር ድገፍቲን ተኻፈልትን ዋዕላ፡ ብዙሕ ናይ ጸለመ መ'ኸተ ተኻይዱ እዩ። ሕጂ ኻኣ፡ መንእሰይ ኤርትራ እጅግኡ ስብሲቡ፡ ኣንጻር ስርዓት ኣራዊት ሃገርና፡ ክቃለስ ኣብ ዝዓጠቀሉ እዋን፡ ከደምቲ ስርዓት ህግድፍን፡ ከም ባዓል መስከረም ዳት ነት፡ ክርዕዱን፣ ሓሞትካ ኣብ ምፍሳስን ደረጃ ክበጽሑ፣ ናይ ጸለመ ቛንቛ ክጥቀሙ፣ ባህሪያዊ እዩ።

እምባኣር'ከስ፤ ክቡር ኣንባቢ፡ ደላይ ፍትሕን ተቃላሲ ንደሞክራሲያዊ ለውጥን ኣብ ኤርትራ …! ኣነ ኣብቲ፡ ብዕለት 25.03.2011 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ጀነቫ ዝተገብረ፡ ብተባዕ ዕጡቅ መንእሰይ ዝተዳለወ፡ ሰላማዊ ሰልፊ ሰለዝነበርኩ፡ እቲ ሓቂ ክዛረብ፡ ኣፍቅደለይ። እቲ ሰለማዊ ሰልፊ ኤርትራውያን፡ ሳዓት 13፡

00 ናይ በርሊን (Berlin) ኣቐጻጽራ ክጅመር እዩ ታሓቢር። ኣነ ምስ ብጾተይ ግን፡ ሳዓት 10፡00 ናይ ንጎሆ ኢና ኣብ ቦታ ሰለማዊ ሰልፊ ተረኺብና። ኣብቲ ቦታ'ቲ ክልተ መጽሔት ዝሸጡ ኤርትራውያን ጥራይ እዮም ጽኒሖሙና። ከምኡ ካኣ፡ ቅድሚ መደብ ኤርትራውያን ምጅማሩ፡ ጀሚሩ ዝጸንሖ ሰለማዊ ሰልፊ ደቂ ኢራን ነይሩ። እዚ ሰለማዊ ሰልፊ'ዚ ልክዕ ሳዓት 13፡00 ድ.ቀ. ወዲኡ። ደቂ ኢራን ኣብ ሰለማዊ ሰልፎም ክንዲ ቑጽሮም ዝኸውን ባንደራ ሃገሮም ሒዞም ነይሮም። ሕብሪ ባንደርኦም ካኣ ቀይሕ፣ ጻዕዳ፣ ቀጠልያ እዩ ነይሩ። ሰላማዊ ሰልፊ ደቂ ኢራን ምስ ወደኤ ካኣ፡ ኣብ ከባቢ ሳዓት 13፡00 ድ.ቀ. ሰለማዊ ሰልፊ ኤርትራውያን ጀሚሩ። ኣብዚ ሰለማዊ ሰልፊ'ዚ ካኣ፡ በጀካ ባንደራታት ኤርትራ፡ ኤርትራውያን ሒዞመን ዝመጹ 3 ባንደራ ነይረን። ሓንቲ ናይ ሆላንድ ነይራ። ንሳ ኻኣ፡ ቀይሕ፣ ጻዕዳ፣ ድሙቅ ሰማያዊ፣ ነይርዋ። ካለእይቲ ካኣ ናይ ጥልያን ነይራ። ሳልሰይቲ'ውን ናይ ስዊዘርላንድ እያ ነይራ። ስለዚ ነዘን ዝገለጽክወን ባንደራታት ከም ናይ ኢትዮጵያ ገይሩ ዘቅርበን ሰብ እንተዳኣ ኣሎ ኾይኑ፡ ወይ ባንደራ ዓለም ዘይፈልጥ ሰብ እዩ፡ ወይ ካኣ ናይ ሕብሪ ዕዉር (Cooler Blind) ዝኾነ ሰብ ጥራይ ክኸውን ኣለዎ፡ ዝብል ዕግበት እዩ ዘሎኒ።

ካብኡ ዝተረፈ ግን፡ እዚ ሰለማዊ ሰልፊ እዚ፡ ብኪዳን ዘይኮነስ፡ ብኣንጻር ስርዓት ህግድፍ ክቃለስ ዝዓጠቀ መንእሰይ ስለዝተዳለወ፡ ብሓቂ ዕዉት ዝኾነ ሰላማዊ ሰልፊ ስለዝነበረ፡ ብዕጥቂ ናይዚ መንእሰይ'ዚ ዝራዓደ ከዳሚ ህግድፍ ከም ባዓል መስከረም ዳት ነት፡ ናይ ጸለመን ሓሶትን ቛንቛ ክጥቀም ባህርያዊ እዩ። ምኽንያቱ፤ ድሕሪ ወድቀት ስርዓት ህግድፍ፡ ምስ ስርዓት ህግድፍ ኣብ ጓሓፍ ናይ ታርኽ ክድርበዩ ምዃኖም ስለዝፈልጡ፡ ከዕለብጡ ባህርያዊ እዩ። ጽሑፈይ ቅድሚ ምዕጻው ግን፡ ንመስከረም ዳት ነት ሓንቲ ንእሽተይ ምኽሪ ክልግሰሉ ይመርጽ። መስከረም ዳት ነት፡ ምስ EPDP ጽቡቅ ዝምድና ስለዘለዋ፡ ኣቦ መንበር EPDP (ኣቶ ወልደሱስ ዓማር) ኣብዚ ሰለማዊ ሰልፊ፡ ናይ ዕለት 25. 03. 2011 ዓ.ም.ፈ.፡ ምስ ባዓልቲ ቤቱ ተኻፊሉ ስለዝነበረ፡ ባንደራ ኢትዮጵያ ኣብዚ ሰለማዊ ሰልፊ'ዚ ነይራ ድያ ኣይነበረትን፡ ክተጸልም ዘይኮነስ፡ እቲ ሓቂ ክትፈልጥ ሓቀኛ ድልየት እንተዳኣ ሃሊይዋ፡ ክትሓቶ ይምሕጸና። ስለዚ፡ ባንደራ ኢትዮጵያ ኣብዚ ሰለማዊ ሰልፊ'ዚ ኣየንበልበለትን ባህልቲ እንተ ኾይንኩም፡ ስእልታት ናይቲ ሰለማዊ ሰልፊ ስደዱለይ፡ ዝብል ሕቶ ካብ ምቅራብ፡ ተበግሶ መስከረም ዳት ነት፡ ንስርዓት ህግድፍ ንምሕጓስ ዘይኮነስ፡ ሕቂ ክትፈልጥ እንተ ኾይኑ፡ ንኣቦ መንበር EPDP ክትውከስ እንዳሓበርኩ፡ ጽሑፈይ ኣብዚ ያዓጹ።

- ዘላኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማኣታትና
- ዓወት ቃልሲ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ህዝብና
- ውድቀት ንስርዓት ኢሳያስን ተዳናገጽቱን
- ***ካብ ኣስፋሃ ተስፋሚካኤል።***
- 30. 03. 2011 ዓ.ም.ፈ. (ጀርመን)